# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.118 | ሓሙስ 16 ጥሪ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 — ጉልበታዊ ዕዮ ኣብ ቈልዑ ዘውርዶ ሃሰያ




ገጽ 3 — ማይድማ፡ ኣብ ጉደና ምዕባለ



ገጽ 4 — ኩሉ ዘበረረ ዑፍ ኣይኮነን



ገጽ 5 — ሕብረተሰባት ካብይ ናበይ ብኸመይ?




ገጽ 7 — ኩዕሶ መርበብ - ስልጠና ናይ ኣሰልጠንቲ ተዛዚሙ




## ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን፡ ዝኽሪ መበል 45 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ ጸንቢሉ






ብምኽንያት መበል 45 ዓመት ምምስራት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ካብ ከተማታት ደቡባዊ ጀርመን ዝተወከላ ኣባላት ማሕበር ዝተሳተፍኦ ሰሚናር፡ ብ11 ጥሪ ኣብ ከተማ ማንሃይም ተኻዪዱ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ሃማደኤ ብሓፈሻ ጨንፈር ጀርመን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ዝሓለፈ 45 ዓመታት ንዘዮመሞ መደባትን ንዘቖሰሞ ተመኩሮን ብምምዛን፡ መጻኢ መደባት ንምሕያል ኣብ ዝሕግዙ ዛዕባታት ንምዝታይ ከም ዝዀነ ገሊጻ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ብወገኑ፡ ሃማደኤ ንኣባላቱ፡ ጥራይ ዘይኰነ ንኩለን ደቂኣንስትዮ ጾታዊ ብማዕረ ኣማእዚኣን ንምርግጋጽ ንዘኸፈሎ ዋጋ ብምጥቃስ፡ ኣባላት ጨንፈር ጀርመን ከም‘ቲ ንኹሉ ማሰናኸላት ብዘወፋይነት ዝሰገራ፡ ኣብ‘ዚ ተኣትዩ ዘሎ መድረኽ ልምዓት‘ውን ንጡፍ ኣበርክቶ ከምዝገብራ ዘጠራጥር ከምዘይኰነ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ድማ፡ ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን ከም ወትሩ ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምምእዛንን ደቂኣንስትዮ ዘለዎ ተራን ሓላፍነትን ዕዙዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ ከምዝቐጽል ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣቦ‘ቲ ኢጋጥሚ ሰለስተ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ክቐርብ ከሎ፡ ሕቶ ኣማእዛዛ ደቂኣንስትዮ ሕቶ ሕብረተሰብን ኣካል ሃገራዊ ድሕነትን ከምዝዀነ በሪሁ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተን ኣቦመንበር ማሕበር ሰንክላን ኣብ ጀርመን ኣቶ ሐሴን ከሊፋን ብወገኖም፡ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣስሚዖም።

እቲ ጽምብል፡ ብባህላዊ ማሰናድኦ ዝተሰነየ ነይሩ።

ብኻልእ ወገኑ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጆዳን ከበኣን ኣቶ ዓብዱራሕማን ዐስማን፡ ንጥፈታት 2024 ብምግምጋም ኣብ ውጥን ስራሕ 2025 ዝዘተየ ኣኼባ ንኣባላት ማሕበረኮም ኣካዪዱ።

## ኣብ ሑጺት - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝተሃንጸ ትካላት ተመሪቑ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓጺት - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ብዝዮደድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ነበርቲ ጉልበቶምን ገንዘቦምን ኣወፊዮም ዝሰርሕዎ ቤት-ጽሕፈትን ከምኡ‘ውን ኣብ ማእከል ዝተሃንጸት ቤት-ትምህርቲ ብ8 ጥሪ ተመሪቑ።

ኣብ‘ቲ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ዝተረኽበትሉ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሓጺት ኣቶ ዐስማን ዑመር፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣብ ምስላጥ ጉዳያት፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ድማ ዝጸንሐ ሕጽረት ትካል ትምህርቲ ኣብ ምቅላል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገብሩ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ብወገኖም፡ ብበዓልቲ ብዙሓት ህዝቢ ዝስላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብሓፈሻ፡ ንጥፈታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ድማ ብፍላይ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝተወደበ መልክዕ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ዓብይቲ ዓዲ ብወገኖም፡ ነቲ ዘሎ ኣብ ምስፋሕን ተራፉ ዘሎ ኣብ ምምላእን ብዝሓየለ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም‘ዚ‘ሉ እንከሎ፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ምስ ነበርቲ ዓዲሮሶ ብሓፈሻ ምስ ኣልማዕቲ ጀራዲን ድማ ብፍላይ ርክብ ኣካይዳ።

እቲ ርክቡ፡ ኣብ ምሕያል ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርትን ኣልማዕቲ ጀራዲን ክኽተልዎ ዝግባእ ሜላታት ምኽዕባት እቶትን ዘተኰረ ምንባሩ፡ ወከልቲ ኢረና ሓቢሩ።



ሰኣሊ ደምሳስ ጸጋይ

## ደቡብ - ጸገም ዝሰተ ማይ ኣምበስተገለባን ሰርሓን ተፈቲሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣምበስተገለባን ሓውሲ ከተማ ሰርሓን ዝነበረ ጸገም ዝሰተ ማይ ንምፍታሕ ክዮደድ ብዝጸንሐ ጻዕሪ ዘድሊ ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓት ብምውዳዱ፡ መሰረታዊ ፍታሕ ከምዝተረኽበ ተገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ሓላፊ ኣሃዱ ኦፕሬሽንን ጽገናን ኣቶ ርእሶም ተኽለማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ መጽናዕቲ ክዮደድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንምምሕዳር ከባቢ ኣምበስተገለባ 9 ሽሕ ዋት፣ ንሓውሲ ከተማ ሰርሓ ድማ 11,000 ዋት ዘመንጩ ጸሓያዊ ጸዓት ተተኺሉ፡ ድሮ ስራሕ ከምዝጀመረ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣምበስተገለባ ኣቶ ነጋሲ መሓሪ ብወገኑ፡ ንዝነበረ ኩነታትን ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ክዮደድ ዝጸንሐ ጻዕርን ብምጥቃስ፡ ምንጪ ጽሩይ ማይ ንምፍታሕ ንዘተወሰደ ተበግሶ መጕሱ።

ኣብ‘ቲ ከባቢ ከቢድ ጸገም ጽሩይ ዝሰተ ማይ ከምዝነበረ ዝሓበሩ ነበርቲ ድማ፡ ድሕሪ ምትካል ጸሓያዊ ጸዓት ግና ጽሩይን ውሑስን ማይ ከምዝረኸቡ ብምሕባር፡ ናይ ምክንኻኑ ሓላፍነት ከምዝወስዱ ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ሽፈነ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ኣብ ዓድታት 85 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ፡ ሓላፊ ሃብቲ ማይ ኣብ‘ቲ ንኡስ ዞባ ቀሺ ክፍለየሱስ ኣስመሮም ሓቢሩ።

ካብ 96 ዓድታት እተን 75 ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ይረኽባ ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ቀሺ ክፍለየሱስ፡ ኣብ ሓውሲ ከተማ ጸሮና ብጀነሬተር ዝሰርሕ ዝነበረ ፕሮጀክት ማይ ብጸሓያዊ ጸዓት ብምቕያሩ፡ ካብ ዘጋጥም ዝነበረ ምብልሻው ጀነሬተርን ወጻኢታት ነዳድን ተገላጊለን እፎይታ ከምዝረኸባ ኣረዲኡ።

ኣብ ሓውሲ ከተማ ጸሮና፡ ኣብ ውሽጢ ኣባይቲ፡ ትካላት መንግስትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ማስመራት ማይ ከም እተዘርግሐን ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎን ጠቒሱ ድማ፡ ጸገም ጽሩይ ዝሰተ ማይ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ሓደሽ ዓዲ ኣኽራንን ማስሓል ኣኽራንን ንምፍታሕ ዝስላሰል ዘሎ ስራሕ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ክዛዘም ምዃኑ ኣተንቢሁ።

ብዝተዋደደሎም ጸሓያዊ ጸዓት፡ ቀጻልነቱ ዝተዋሕሰ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ ዝጀመሩ ተቐማጦ ጸሮና ብወገኖም፡ ንዝተኻየደ ጻዕሪ ብምምስጋን፡ ኣብ ጥዕናውን ማሕበራውን መዳያት ዝምስገን ውጽኢት ተረኺቡ ከምዝሎ ኣረጋጊጾም።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ጕልበታዊ ዕዮ ኣብ ቈልዑ ዘውርዶ ሃስያ



ቈልዑ ኹኖ ብፃኣሶም ኣብ ዝተፈላለየ ጉልበታዊ ስራሕ ምስ ዝዋፈሩ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ዕብየቶም ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣብ ዓለምና ብሰንኪ ዝተኸስተ ግጭት፡ ቅልውላው፡ ተላባዒ ሕማም ኮሮና ቫይረስን ካልኦት ጠንቅታትን ብዙሓት ስድራቤታት ቀጠባዊ እቶተን ብምንቈልቋሉ ንቑጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ተቓሊዐን እየን። ዝ. ምርኸስ ጊዩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ ድማ ብሰሪቲ ጸገማት ብዙሓት ትሕተ-ዕድመ ቈልዑ ኣብ ዝተፈላለየ ጉልበታዊ ስራሕ ከም ዝተዋፈሩ እዩ ዘጽር። ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡ 1 ካብ 10 ቈልዑ ኣካላዊ ብቕዓቶምን ኩለንትናዊ ዕብየቶምን ኣብ ዘየፍቅዶ ጉልበታዊ ስራሕ ከም ዝተዋፈሩ ይፍለጥ።

ከም ዝፍለጥ፡ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣብ ቀጠባዊ ኹነታት ዓለምና መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እቲ እዋን ቁጠባዊ ዕብየት ዝተመዝገበሉ ዋላ'ኳ እንተነበረ፡ ብዙሕ ኣሉታዊ ሸነኽ ወይ'ውን ማሕለኻታት ሓቝፉ ነይሩ። ንኣብነት፡ ትሕተ-ዕድመ ቈልዑ ኣብ ፋብሪካታት ክዓዩ ዘገድድ ጸገምር እዋንዩ ዝበረ። ከም ሳዕቤኑ፡ ብዙሓት ዘይዓኹኹ ቈልዑ ወላሓሰን ንጹህን ኣብ ዘይኮነ ቦታ፡ ንሓያሎ ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ ይሰርሑ ነይሮም። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ዝዓደዩሉ ፋብሪካታት ብበኸልቲ ቀመማት ዘዕለቕለቕ ብምንባሩ፡ እቶም ቈልዑ ንዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ይቃልዑ ነይሮም። እቲ ጥዕናዊ ጉድኣት ክሳብ ንሞት ዘብጽሕ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ እቲ መጠን ዝኽፈሎም ደሞዝ'ውን ምስቲ ዝሰልክዎ ዝመዓረረ ኣይነበረን። እቶም ኣውፈርቲ ንኸሰሉ ጸገማት ብቐረባ እናተዓዘቡ፡ ንጉዳይ እቶም ቈልዑ ዕሽሽ ብምባል ይሓልፉ ነይሮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ እውን ድራር እሉተን ንምርካብ፡ ኣብ'ተን ፋብሪካታት ይሰርሓ ከም ዝነበራ ሰነዳት የመልክቱ።

ሰነዳት ከም ዝሕብርዎ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ 1959 እዩ ንመሰል ቈልዑ ዝጣበቕ ኣዋጅ ኣቕሪቡ። ድሕሪ 30 ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ዋዕላ ድማ፡ 54 ዓንቀጻት ዝሓቘፈ ንመሰል ቈልዑ ዝጣበቕ ሕጊ ኣጽዲቑ። እቲ ዓንቀጻት፡ ቈልዑ ኣብ ፋብሪካታት ንኸይሰርሑ ዝእግድ ትሕዝቶ ይሓቍፍ ነይሩ። ኣብ ምዕቡላት ሃገራት፡ ኳሊሑ ዝረአ ዝነበረ ጉልበታዊ ስራሕ ትሕተ-ዕድመ ኣብ ፋብሪካታት ደው ንኽብል ሳላ ዝተኻየደ ጻዕሪታት፡ እቲ ተርእዮ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ በጺሑ ደርኩቡ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ'ተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግን፡ ኹኖ ትሕተ-ዕድመ ቈልዑ ኣብ ዝተፈላለየ ጉልበታዊ ስራሕ ክዋፈሩ ደርእዩ ኣለዉ። እቶም ቈልዑ ክመሃሩ፡ ክመራመሩ፡ ክጻወቱን ክሕንቅቑሉን ዝግበኦም ግዜ ልዕሊ ዓቕሞም ኣብ ዝኸውን ስራሕ ክዋፈሩ ምዕዛብ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ። እቶም ኣስራሕቲ ወይ ኣወፈርቲ ዝኾኑ ኣካላት፡ ነቲ ዘኸትሎ ኣታዊ ጥራይ ብምትኳር፡ ንጉዳይ እቶም ቈልዑ ግዲ ኣይገበሩሉን። እቶም ቈልዑ ኣብ'ቲ ክመሃሩሉ ዝግብኦ ግዜ እንተዘይተማሂሮም፡ ኣብ ዝቕጽል ህይወቶም ፍልጠት ንኽፃጥቁ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ።

ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃ እቲ ዝለዓለ ቀጽሪ ኣብ ጉልበታዊ ስራሕ ዝተዋፈሩ ቈልዑ ዝርከበሉ ከባቢ እዩ። ኣብቲ ቦታ ካብ ዝነብሩ ቈልዑ እቶም 24%፡ ኣብ ኣዝዩ ኣደኻሚን ሃሳይን ስራሕ ከም ዝተዋፈሩ ይፍለጥ። ከምኡ ድማ ዕድመ እቶም ቈልዑ ካብ 5 ክሳብ 17 ዓመት ዝበጽሕ ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ሰለስተ ኣብቲ ስፍራ ዝነብሩ ቈልዑ፣ ብሰንኪ ኣብ ጉልበታዊ ስራሕ ምውፋሮም፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከም ዝገለሉ ይግለጽ። ኣብቲ ውሕስነትን ድሕነትን ዘይብሉ ዕማማት፡ ብፍላይ ኑቶም ኣብ ንኣሰ ዕድመ ዝርከቡ ቈልዑ ምሕር ሃሳዪ እዩ። እቲ ከባቢ ብዩርና ካርቦንን መርዛም ማዕድናትን ዝተበከለ ብምዃኑ፡ ብሰሪ እቲ መርዛም ጥኢታታት፡ ቀጻሊ ናይ ኣፍ-ልብን ዓይንን ጥዕናዊ ጸገም የጋጥሞም። ኣብ ከባቢና ኣብ ዝተፈላለየ ጉልበታዊ ስርሓት ዝተዋፈሩ ቈልዑ ኪጋጥሙና ይኽእሉ እዮም። እምበኣርከስ፡ ኑቶም ኣብ ትሕተ-ዕድመ ዝርከቡ ቈልዑ፡ ካብቲ ከቢድን ሃሳዪን ዕማም ተገላጊሎም፡ መጻኢ ህይወቶም ዝመርሑሉ ባይታ ክዳለወሎም ኣለዎ። ናይ ሎሚ ቈልዑ፡ ጽባሕ ተኻእቲ ሃጸትን ብምዃኖም፡ ኣብ ምእላይን ምኽስካስን ተኻእቲ ወለዶ፡ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ክጽዕት ይግባእ።

## ብኸመይ ምስ ህጻናት ንቀራረብ



ወለዲ፡ ደቆም ቅድሚ ምስ ሕብረተሰብ ምሕዋሶምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ምልኣኾምን፡ ንኸሎ ባህርያቶምን ምንቅስቓሶምን ክከታተልዎ ይኽእሉ እዮም። ብድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ እዋን ግን፡ ምንባይን ምእላይን እቶም ህጻናት ንወለዲ ጥራይ ኣይኮነን ዝምልከት። እቶም ኣብ መዋእለ ህጻናትን መባእታ ደረጃን ዝመሃሩ ቈልዑ ደገፍን ምትብባዕን ናይቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት ይደልዩ። እቲ ብኻልኦት ሰባት ዝወሃቦም ምላሽ ከም መግለጺ ፍቕሪ ኮይኑ ይስመዖም። ብኣንጻር'ዚ ገለ ወለዲ "ንውላደይ ኣጆኻ! ኣጆኻ! እንተኢለዮ"፡ ልዕልና ወይ ትዕቢት ከየጥሪ ዝብል ግምት ኣብ ውሽጦም ስለዘመላልሱ፡ ብተደጋጋሚ ንውላዶም ከቐጽዑን ክገንሑን ይረኣዩ። ኣብ ሕብረተሰብና ቈልዓ ድሌቱን ስምዒቱን ንኽዝረብ ኣብ ክንዲ እኑተባብዖ፡ ሰቐ ኢሉ ኢዱ ኣጣሚሩ ንኽዕዘብ ኢና ብተደጋጋሚ ንሕብሮ። የግዳስ፡ ሓደ ህጻን ጽቡቕ ተግባር ኣብ ዝፍጽመሉ ምስ እንንእዶን ነተባብዖን፡ ነታ ተግባር ከም ጽቡቕ ሒዚዎ ይዓቢ። ከምኡ'ድማ እቲ ዝፈጸሞ ዘይቅኑዕ ምዃኑ ምስ እንገልጸሉ፡ ነቲ ተግባር ካብ ምፍጻም ባዕሉ ክቖጠብ እዩ። ስለዚ፡ ንህጻናት ምስ እነተባብዖምን ንደግፎምን፡ ሓልየትናን ፍቕርናን ብዝግበር ኣርእዮም ስለዘለና፡ ኣብ ልዕልና ዝያዳ እምነት ኣሕዲሮም ነቲ ተግባራት ብድርኺት ገዚኡንበም ክሰዕቡዎ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ንህጻን ዝመላለሱ መንገዲ ሓንሳብ እንተ ኣርኢናዮ፡ ኣብ ዝቕጽል ህይወቱ ካብቲ ሓዲድ ምንቕ ከይበለ ክጉዓዝ እዩ። ወትሩ ምስ ህጻናት ኣብ እንዘራረበሉ እዋን፡ ብቐጥታ ከረድኦም ኣብ ክንዲ እንጽዕር፡ ብኣብነት ወይ ዛንታ ገይርና ምስ እንገልጸሎም ዝያዳ ክስወጦም ይኽእል። "ከምዚ ኣይትሓዝ፡ ኣይትግበር፡ ኣይትዛረብ'ን ካልእን' ብዙሕሉ ትእዛዛት ክንዋስዮም ኣብ ክንዲ እንቕዳደም፡ ሓደ ዘይቅኑዕ ተግባር ምስ ዝፍጸሙ ሳዕቤኑ ወይ ጉድኣቱ ብጦብኢ እንታይ ከም ዝኸውን ከረድኦም ይግባእ። ከምዚ ዓይነት ናይ ምብህሃል ኣገባብ እንተተኸቲልና፡ እቲ ቈልዓ ምኽንያታዊ ዝኾነ መረዳእታ ክሕዝ የኽእሎ። ምስ ህጻናት ብግሉጽነት ኣብ እንዘራረበሉ እዋን፡ ቅኑዕ ተግባርምን ጌጋኦምን ክፈልጡ ኮነ ክቕበሉ ይሕግዝ። ስለዚ፡ ምንኣድ ቅኑዕ ተግባርም ክቕጽልዎ ዘተባብዕ ክኸውን እንከሎ፡ መኣረምታ ከኣ ጌጋኦም ንኽፈልጡ ይሕግዝ። ንህጻናት ኣብ እንኣልየሉ እዋን ብቐጥታን ተዘዋዋሪን ንሕና'ውን ብዙሕ ክንመሃር ንኽእል። ንኣብነት፡ ምስ ህጻናት ክንዘራረብ እከለና ኣብ'ቶም እነውጽኦም ቃላት ኣዚና ጥንቁቓት ኢና ክንከውን ዘሎና። ኣብ'ቶም እትጥቀመሎም ቃላት ምሕር ኹሕትትን ኣቈናጽቦትን ከይንኸውን ክንጥንቀቕ ይግባእ።

ምስቲ ህጻን ክንቀራረብ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ ክንፈልጦም ዝግባእ ፍሉያት ባህርያት ኣለዉ። ፈለማ፡ ናብ ደረጃ ኣተሓሳስባ ናይቲ ህጻን ብዝሰማማዕ መገዲ ክንወርድ ወይ ክንቀረብ ይግባእ። ንህጻን ከም እኹል ሰብ ክንቀርቦ ንፍትን እንተኾይንና፡ እቲ ጸገም ካብና እዩ ዝኸውን። ባህርያቱ ተረዲእና ምስኡ ተሳሂና ንኽንቅጽል፡ እቲ ህጻን ዝፈትዎምን ዝጸልኦምን ነገራት ክንፈልጥ ይግባእ። ከም መዘኡ ኮይንና ብምቕራብ፡ ከም ዓርኩ'ውን መታን ክኣምነናን ክቐርበናን ኣቓዲምና ንሕና ክንቀርቦ ይግባእ። ስምዒታቶም ከም ቅቡል ብምውሳድ፡ ኣብ ቅድሚ ህጻናት ጽቡቕ ባህርያት ክነንጸባርቕ ይግባእ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብሓያል ቃልን ዕቱብ መንገድን ክንቀርቦም ክንፍትን ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ እቲ ህጻን በቲ ካፍ ኣፍና ዝወጽእ ቃላትን ኣብ ገጽና ብዘርእዮ ዕቱብነትን፡ ክንዲ ዝቐርበና መሊሱ ክርሕቀና ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ተዛዚና ከይተጨነቕና ብሰላማዊ ሕገስ ገጽ ክንቀርቦ ንፈትን። ሓንቲ ኣደ ወላዲ በዓሉ ኢላ ክትገንሖ ወይ ክትቀጽዖ ኣብ እትፍትነሉ እዋን፡ ነቲ ህጻን ናይ ኣደኡ ቃላት ወይ ምፍርራህ ኣይርዳእን ዘበለዩ፡ ዝያዳ ሓገዘ ደልዩ'ዩ ዝበኪ። እቲ ህጻን ቃላት ኣውጺኡ ክረዳዳእ ኣብ ዘይክእለሉ ህሞት፡ ብኸያት እቲ እንኮ ክረዳድኣሉ ዝፍትን መንገዲ እዩ። ኣብ ገጽ ወላዲቱ ዝርእዮ ሰንባደን ቁጠዐን ስለዝበሀርሮ ከኣ ኣብ ውሽጡ ዝሰምዖ ነገር ብብኽያት ጥራይ እዩ ዝገልጾ። ስለዚ፡ ምስ ህጻናት ዝምድና ክንፈጥር ኣብ እንወስነሉ ግዜ፡ ፍሕሽው ገጽን ኣተባባዕቲ ቃላትን ምስ እንጥቀም፡ ዝያዳ ክቐርበናን ድሌታቱ ክገልጸልና ተብዓት ይረኽብ።

ገለ ሰባት ንህጻናት ተሃዊኾም ክሓቝፍዎ ወይ ክስዕምዎ ይደልዩ። እንተኾነ፡ ከምዚ ዓይነት ኣቀራርባ ግጉይ እዩ። ምስ ህጻናት ዝምድና ኣብ እንምስርተሉ እዋን፡ ኣቢታ ፈለማ ርክብና ክንሓቑፎ ወይ ክንቀርቦ ክንህወኽ ኣይግባእን። ምናልባት፡ ኑቲ ህጻን ሓደስቲ ሰባት ብምዃንና ክሰግኖ ወይ ክፈርሓና ይኽእል'ዩ። እዚ ፈሊጥና በብደረጃኡ ክንቀርቦ ይግባእ። ፈለማ ፍሕሹው ገጽ ነርእዮ። መብዛሕትኦም ህጻናት ሓደሽ ሰብ ክላለዩ ከለዉ ቀልጢፎም ክቐርብዎ ኣይደፍሩን እዮም። ኣቐዲሞም ብግዕዶ ይጥምትዎ፡ ይምርምርዎን ካልእ ገምጋም የካይዱን። ብድሕሪ'ዚ በብቑሩብ እናሰንሙ ናባና ክቐርቡ ይኽእሉ። እቲ ህጻን ሓንቲ ሓዳስ ዓለምን ዝምድናን ይምስርት ስለዘሎ፡ መጀመርያ ክተኣማመን ኣለዎ። ዝ. ንምግባር ድማ እኹል ግዜ ክወሃብ የድልዩ።


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284


### ሎሚ ኣብ ERI -TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ደሃይ ከሎኻት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ብምኽንያት ሓዲሽ ዓመት ዝፍር ጥዕቦት |
| 15:25 | ተኩኢንሳይት |
| 16:05 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:10 | ፊያሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትኮም |

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኵሉ ዝበረረ ውፍ ኣይኰነን

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ኣብ ዓመት 2003 ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ጋዜጣታት ዓለም ዝኾነት ኒወርክ ታይምስ ብተኸታታሊ ሓደ ጽሑፍ ተእንግድ ነበረት። እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ ኣዕናዊ ኣጽዋራት ዒራቕ ዝምልከት'ዩ። እታ ጋዜጣ ንቓላት ፕረዚደንት ቡሽ ምርኩስ ገይራ ጽሑፋ ትዝርግሖ ነበረት። 'ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ኣለዋ። እዚ ኣጽዋር ንኣሜሪካን ዓለምን ሓደገኛ'ዩ፣' ዝብል ሕመረት ትሕዝቶ እታ ጋዜጣ ነበረ። "ዝተደጋገመ ሓሶት ሓቂ ይኸውን" ከም ዝብሃል ህዝቢ ኣሜሪካ'ውን ምስ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ 9/11 ኣተሓሒዙ ራዕዲ ኣትዩዎ ብምንባሩ ነቲ ሓበሬታ ኣመኖ። ንህዝቦም ዝእመኑ መራሕቲ ኣሜሪካ ክሳዕ ሕጂ ክትሕውዮ ዘይክኣለት ዕንወት ንዒራቕ ኣውረዱላ። ብኣንጻሩ ኸኣ ሚኒስተር ዜና ዒራቕ ነበር፡ "ምድረበዳ ዒራቕ ንኣሜሪካውያን ውሒጥዎም፡" ብምባል ሞራል ህዝቢ ንኸበርኽ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ይዝርግሕ ነበረ። ኵሉ ሓሊፉ እዋን ተቐላዕ ተቐላዕ መጺኡ። መራሕቲ ኣሜሪካን መራኸቢ ብዙሃን ኣሜሪካን ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ከም ዘይነበራ መስከሩ። እቲ ምድረበዳ ዒራቕ ንኣሜሪካውያን ውሒጥዎ ዝብል ዝነበረ መራሒ'ውን ንገዛእ ርእሱ ተዋሒጡ። ከምዚ ዓይነት ናይ ሓሶት ዜናታት ብተደጋጋሚ ውልቃውን ሃገራውን ዕንወት ከኸትል እንዕዘቦ ዘለና'ዩ። ምስ ምስፍሕፋሕን ዕቤት ተክኖሎጂ ኢንተርነትን ተንቀሳቓሲ ተለፎንን ንዝርግሐ ሓቀኛን ሓሶትን ዜና ብፍጥነትን ብዝሕን ኣዕብዩዎ ይርከብ። ሎሚ ሓቂ ካብ ጽውጽዋይ ክትፈሊ ዳርጋ ተስፋ ዘቑርጽ ኩይኑ ኣሎ። ካብ ብሓሶት ትናወጽ፡ ሓቂ



ፈሊጥካ ምርጋእ ይበልጽ። ስለዚ ሓሶት ካብ ሓቂ ወይ ሓቂ ካብ ሓሶት እንፈልየሉ እንኽእል ገለ ገለ ኣጋባባት ይስዕብ፤

1. ክሪትካላዊ ስነ-ኣእምሮ ኣማዕብል

ንፌክ ኒውስ (ናይ ሓሶት ዜና) ዓቢ ጉዳይ ዝገብሮ ተኣማንነቱ'ዩ። እዚ ማለት ድማ ብቐሊሉ በቲ ሓበሬታ ከም ትትሓዝ'ዩ ዝገብረካ። ዝበዝሑ ናይ ፌክ ኒውስ (ናይ ሓሶት ዜና) ሓበሬታ፡ 'ነውጺ' ንምፍጣር'ዮም ዝጸሓፉ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ህውኽ ስምዒት ካብ ንኽተል፡ ሓላፍነታዊ ግብረ-መልሲ ክንህበሉ እንግደድ። ከናውጸና ኢሉ ንዝተዘርግሐ ሓበሬታ ኣብ ክንዲ ህንዱድን ስሚዒታውን ግብረ-መልሲ እንህበሉ ርትዓውን ክሪቲካላውን ኣተሓሳስባ ብምምዕባል ግብረ-መልሲ ክንህበሉ ንግደድ።

ነዚ ንምግባር ድማ ንነብስና እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንሕተታ። ስለምንታይ እዩ እዚ ዛንታ ተጻሒፉ? ገለ ኣመለኻኽታ ንኽኽተል ድርኺት ንምፍጣር ድዩ ተዳልዩ? ዝተወሰነ ፍርያት ንኽዕድግ ከሰድዓኒ ድዩ ተዳልዩ? ወይ ንኻልእ መርበባት ሓበሬታ ክፍትሾም'ዩ ደለዩ? ብምባል ብኹሉ ኵርንዓት ክንምልከቶ ይግብኣና። (ክሪቲካላዊ ኣተሓሳስባ መዝገበ ቓላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ ነቐፌታዊ፡ ህየሳዊ ኣተሓሳስባ ብምባል ትርጉም ይህቦ።)

2. ምንጩ ኣረጋግጽ

ዝበዝሑ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝተረጋገጸ ወይ ሓቀኛ ምንጪ የብሎምን። ገለ ገለ'ውን ምንጪ ሓበሬታ ቅድሚ ሕጂ ተሰሚዖም ዘይፈልጡ'ዮም። እዚ ማለት ግን ነባራት ወይ ብተደጋጋሚ እንሰምዖም ምንጪ ሓበሬታ ኣይሕሰውን እዮም ማለት ኣይኰነን። እንታይ ድኣ ነባራት ዘጥረይዎ ስምን ዝናን ከይዓኑ ጥንቃቐ ክገብሩ ይኽእሉ'ዮም ካብ ዝብል'ዩ። ስለዚ ቅድሚ ሕጂ ሰሚዕናዮን ርኢናዮን ዘይንፈልጦ ምንጪ ምስ ዘጋንፈና፡ ኣብ ክንዲ ንመልስን ዝርግሐን ንህወኽ፡ እዚ ምንጪ መን'ዩ? ሞያዊ ብቕዓቱ ከመይ'ዩ? ሞያዊ ትንተናን ሓበሬታን ድዩ ዝህብ ዘሎስ ዋላ ንሓቂ'ዩ ዘጋንን ዘሎ? ዝብሉ ኵርንዓት ጠመተ ብምኽታል ንሓበሬታ ካብ ምንጩ ክነረጋግጾ ንፈትን። ምናልባት እዚ ኹሉ ሃለኽለኽ እንታይ ገደሰኒ ክንብል ንኽእል ኢና፣ ነዚ ርእይቶ ከም ቅቡል ወሲድና፡ ክንሃልከሉን ክነረጋግጾን ዘይንኽእል ሓበሬት ድማ ኣይንዝርግሕ።

3. ነዚ ሓበሬታ ካልእ መን ይዝርግሖ ኣሎ ኣረጋግጽ

ሓደ ሓበሬታ ምስ ተዘርግሐ ብብዙሓት ማዕከናት'ዩ ዝደጋገም። ስለዚ ንዝርኸብካዮ ሓበሬታ ካልኦት ከ ይዝርግሑኦ ኣለዋ ዶ ምባል ኣገዳሲ'ዩ። ካብ ዝተፈላለየ ምንጪታት ብምኽትታል ኵርናዕ ርእየትካ ምስፋሕ ይክኣል'ዩ። ብርክት ዝበሉ ወገናት ንዓበይቲ ማዕከናት ዜናን ውድባትን ዝዝርግሖኦ ሓበሬታ ከም ሓቀኛ ሓበሬታ ይወስድዎ'ዮም። ከም መረጋገጺ'ውን ይጥቀምሉ። እዚ ማለት ግን ሓሶት ዘየቕርባ ሓቂ ጥራይ ሕላግተን ማለት ኣይኰነን። ንዝተፈላለየ ፖለቲካውን ቁጠባውን መኽሰባተን ክብላ ንሓበሬታ ብዝጥዕመን ክእንግዶኦ ይረኣያ እየን። 'ካብ እመት ስድሪ ኣላታ' ከም ዝብሃል ግን ተሓታትነትን ሓላፍነትን ክህልዎን ስለ ዝኽእል፡ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ናብ ፍሉጣት መርበብ ሓበሬታ ዘወር ምባል።

4. መርትዖ ምርግጋጽ

ተኣማንነት ዘለዎ ሓበሬታ ብዙሕ ሓቅታት'ዩ ዝእንግድ። ጥቕስታትን ብህሎታትን ኪኢላታት፡ ዳህሳሳዊ ዳታን ወግዓዊ ቁጽራዊ ሓቅታትን ገለ ካብቲ ዘካትቶ'ዩ። እንርእዮ ሓበሬታ ከምዚ ምስ ዝጎድሎ ምሕታት ኣይንረስዕ። እቲ ሓበሬታ ካብ ኣዕሩኽትናን ፈለጥትናን ምስ ዝወሃበና'ውን ብሕቶታት ሓቅነቱ ነውሕስ።

ገለ ገለ ሓበሬታታት እውን ሰባትን ቁጽራዊ ሓቅታትን ጠቒሶም ከብቅዑ መኣዝኑ ጠምዚዞም የቕርብዎ። ነዚ ንምብዳህ ድማ እቲ ቁጽራዊ ቀምር ብወግዒ ክሕብርን ክምልከቶን ዝኽእል ትካል ወይ ሰብ መርበብ ወይ ናይ ሓበሬታ ዝዝርግሐሉ ማዕከን ምውካስ። እዚ ክውንነታዊ ወይ መርትዖ ዘለዎ ሓበሬታ ብሓቂ ዘጋጠመ ድዩ? ኣመለኻኽታይ ክቕይር ዝተመዛበዐ ሓበሬታ ድዩ? ዝብል ሕቶታት ንነብስና ካብ ምሕታት ኣይንብኰር።

5. ናይ ሓሶት ምስልታት (ስእሊ) ከይከውን ምርግጋጽ

ንኽህረም ዝተደለየ ሸቶ ንምውሓስ ንዘይነበረን ዘይተገበረን ከም ዝተፈጸመ ንምምሳል ብዙሕ ጥበባት ስእሊ'ዩ ዝግበር። ናይ ካልእ ፍጻመ ስእሊ ቈሪጽካ ብምምጻእ ምስቲ ዝደለኻዮ ሓበሬታ ምውሳብ። ዘይነበረ ስእሊ ምስናዕ ሎሚ ናይ ሓሶት ዜናታት መስርሒ ዝገብርዎ ዘለው'ዩ። ሕጂ'ውን እታ ፍታሕ ሓቅነቱ ምርግጋጽ'ያ።

6. ህላወ "ናይ ሓቂ ደሃይ" ምርግጋጽ

ዳርጋ ንኹሉ ተክኖሎጂያዊ መረጋገጺታት ናይ ሓሶት ሰንዓታት ኣለዎ። ንኹሉ እንተታት እቲ እሙን ዋሕስ ክኸውን ዝኽእል እምበኣር ኣእምሮና'ዩ። ፌክ ኒውስ'ውን ንኣእምሮና ፍርሕን ወገናዊ ፍርድን ንኽህብ እዩ ዝምግበና። ስለዚ ሓቅነቱ ዘጠራጥረና ሓበሬታ ውነና ተወኪስና መልሲ ንሃበሉ። ውሽጥና ናይ ሓቂ ደሃይ እንተ ተሰሚዕዎ ኣኸለ ማለት'ዩ። ንኣብነት ክዳን ንገዝኣሉ ድኳን 'ናብቲ ትካል ምስ እንኸየድ 100 ክዳውንቲ ብነጻ ክህበና'ዩ፡' ዝብል ሓበሬታ ምስ እንሰምዕ ውነና ብፍጹም ዘይክውንነታዊ'ዩ ዝብለና። ወይ'ውን ክልተ ሰብ ሓዳር ደቂ ስራሕና ብሓንሰብ ስለ ዝርኣናዮም ውነና 'ርክብ ጀሚሮም ኣለው፡' ኢሉ ንኽኣምን ተጨባጢ መርትዖ'ዩ ዝደሊ። ዝኾነ ሓበሬታ ምስ እነንብብ ድማ እቲ ጸግዒ ክኸውና ዝኽእል ውሽጥና ንሰምዓዮ። እዚ ማለት ግን ኵሉ ውነና 'ሓቂ'ዩ' ዝበሎ ሓበሬታ ቅኑዕ ከም ዘይኰነ ንዘክር።

ኣብ መደምደታ እዚ ኹሉ ሸንኩለል እንታይ ኣምጸኦ ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ናብ ኣእምሮና ክመጽእ ይኽእል'ዩ። ብርግጽ ክሳሓት ዘይብሉ ግን ሓበሬታ ንኽንረክብ ላዕልን ታሕትን ምባልና ዘይተርፍ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ። ስለዚ ሓቅነቱ ዘየረጋገጽናዮ ሓበሬታ ኣይንእመን። ክነረጋግጾ ባህጊ እንተ ዘይብልና ድማ ኵሉ ዝበርር ዑፍ ከም ዘይምኳኑ ተረዲኢና፡ ዘየረጋገጽና'ዮ ሓበሬታ ኣይንዝርግሕ።

እዚ ኹሉ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ'ውን ፈለማ ነረጋግጾ፣ እንተ ዘይኣረጋጊጽናዮን እንተ ዘይኣሚናዮን ድማ ኣይንዝርግሓዮ።

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ዕምሪ ዓመት

ኣንቶኒ ባርገስ ወዲ 40 ዓመት ነበረ። ኣብ ሓንጎሉ ብዝተፈጥረ ዘይንቡር ኵነታት፡ ዕምሩ ኣሓጽር ምኻኑ ሓካይም ነገሩዎ። ካብ ሓደ ዓመት ዘይሓልፍ ዕድመ ኸም ዝተረፎ ድማ ነገሩዎ። ባርገስ ኣመና ሓዘነ። ኣብቲ እዋን ዘዋህለሎ ገንዘብ ኣይነበሮን። ኣታዊኡ ኻብ ኢዱ ናብ ሃፉ ነበረ። ነታ ዘፍቅራ ላይነ ብዓልቲቤቱ፡ እታ ድሕሪ ዓመት መበለት እትኸውን፡ ዝሓድገላ ቑራቦ'ኳ ኣይነበሮን። ኣብታ ዓመት ምስ ቃንዛኡ እንታይ ከም ዝገብረላ ጠፍኦ። እንተወሓደ ሓደ ናይ ክብሪ ስራሕ ሰሪሑ ኽሓልፍ ግን ሓሰበ።

ባርገስ ፍሉጥ ደራሲ ኣይነበረን። ክጽሕፍ ይደሊ ምንባሩ እንተ ዘይኮይኑ ዝደረሶ መጽሓፍ ኣይነበሮን። ውሽጡ ግን ንምጽሓፍ ዝኸውን ዓቕሚ ኸም ዝነበሮ ኻብ ቀደም ይነግሮ ነበረ። ካብታ ዕምሩ ሓጺር ምኻና ዝፈለጠላ ግዜ፡ ጥሪ 1960፡ ሓንቲ ጻልጣ ወረቐት ናብ ጸሓፊት ማሽን ኣእተወ። ክጽሕፍ ድማ ጀመረ። ክጽሕፍ እንከሎ፡ ንሰበይቱ ሓዲጉላ ዝኸይድ ጽሑፍ እምበር፡ ክሕተም ድዩ? ህይወቱ ኽልውጥ ድዩ? ንሰበይቱ ዘናብራ ሰልዲ ኽገድፍ ድዩ? ኣይሓሰበን። ግን ብዓቢ ወንን ጸዓትን ጸሓፈ። ሓኪሙ፡ ካብ ድሕሪ እታ ሓጋይ፡ ጽድያን ክረምትን ዘይሓልፍ ናይ ቈጽሊ ዕድመ ኸም ዝነበሮ ዝነገሮ ግዜ፡ ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ደረሰ። እዘን ሓሙሽተ መጽሓፍቲ፡ ኣብ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ኽጽሕፈን እንከሎ፡ ካልኦት ፍሉጣት ጸሓፍቲ ኣብ ምሉእ ህይወቶም ዘበጽሑዎ ቝጽሪ'ዩ። ባርገስ ግን ኣብ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ጽሒፉ።

ባርገስ ኣብታ ዓመት ኣይመተን።



እቲ ኣብ ሓንጎሉ ዝተፈጥረ ጥረ እናጉደለ ኸይዱ፣ ድሓር ከኣ ጠፍኡ። እታ ኣመና ፍልጥቲ መጽሓፉ 'ኤ ክሎክ-ዎርክ ኦረንጅ' ዝርከበን 70 መጽሓፍቲ ኸኣ ጽሒፉ። ባርገስ፡ ብሰንኪ ናይ ሓንጎል መንሽሮ ዝተዋህቦ ዕምሪ-ዓመት፡ ክንድኡ መጽሓፍቲ ምጸሓፈዶ ነይሩ ይኸውን? ንሕናኸ ዕምሪ-ዓመት ከም ዘለና እንተ ንነገር እንታይ ኮን ምገበርና?

***

inspirationalstories.com

# ሓሳባት

ሲራክ ክፍል

መበል 36 ክፋል

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ዝብል ኣርእስቲ ኣርእስቲ ኣልዒልና፡ መረዳእታ ፖለቲከኛታትን ተራ ህዝብን ኣብ ኣምር ደሞክራሲ እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተመክሮ ደሞክራሲ ዘለዎ ህዝቢ በልጂጅም ንደሞክራሲ ከመይ ይገልጾ ንምፍላጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

### ባጀላ ደሞክራሲ

ኣብ ግዜ ቁልዕነት ተኣኪብካ ጸወታዊ ምስማዕ ምስ ኀበዞና ድማ ትያትር፡ ፊልም ምርኣይ ንፈቱ ንመሕለፊ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ማዘናግዕን መሃረን ብምዃኑ እዩ። ኣፈታሪኻትን ተዋስኦን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ህቡብ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን፡ እንተ በጽሓ ከኣ ሚእቲ ዓመት ግን ፊልም ዝሓሸን ዝሰፍሐን ማዘናግዒ መሳርሒ ኮይኑ ብምውጻእ ዚያዳ ተመሪጹ ኮይኑ። ልቢወለድ ይኹን ኣብ ጭብጢ ዝምርኮስ ዛንታ ወይ ፊልም ክሰምዕ ወይ ክርኢ ዘይደሊ ፍጡር ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ሰባት ዛንታ ምስማዕ ፊልም ምርኣይ ዝፈትውሉ ሓደ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኩሉ ዛንታ ወይ ፊልም ንጹር ቅርጺ ዝሓዘ ብምዃኑ እዩ። መእተዊ፡ ማእከልን መወዳእታን ስለዘለዎ እዩ። ልቢወለድ ዛንታ ይኹን ፊልም፡ ኩሉ ብናይ ሰባት ድልየትን ውሳኔን ዝተቐረጸ እዩ። ኣብ ፊልም እቲ ሃንደበት፡ ዘይተጸበናዮ ዝመስል ክፋል እንተኾነ'ውን ከምቲ ካልእ ክፋል ተሓሲቡሉን ተቓኒዑን ዝተዳለወ እዩ።

ፊልም ክሳብ ክንደይ ኣብ ጭብጢ ይምርኮስ ብዘየገድስ ካብ ግብራዊ መዓልታዊ ማሕበር ወይ ህይወት ሰባት ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ከመይሲ ኣብ ፊልም ዝቐረጽ ዛንታ ኩሉ ኣቐዲሙ ዝተሓሰበሉ ፍሉጥ መጀመሪ፡ ማእከልን፡ መወዳእታን ኣለዎ። ኣብ ሓቀኛ ህይወት ግን ኣየን እዩ መጀመሪ፡ ኣየን እዩ ማእከል፡ እንታይ እዩ መወዳእታ ኣይፍለጥን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ሰባት ብግብሪ ዝስመዮም ጣዕምን ቃንዝን ምግላጹ ቀሊል ኣይኮነን። ብሓጺሩ ህይወትን ዛንታን በበይኑ እዩ። ካብ ዛንታ ወይ ፊልም ብዙሕ ምምሃር ዝከኣል ኮይኑ፡ ከም መተካእታ መዓልታዊ ህይወት ሰባት ክወሰድ ግን ልክዕ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ሰብ ዛንታ ኣብ ዝሰምዓሉ ወይ'ውን ፊልም ኣብ ዝርእየሉ ከም ሓቀኛ ተሞኩሮ ክወስዶ ዝበር እዩ። መቐረት ጽቡቕ ፊልም ድማ ንሱ እዩ። እቲ ፊልም ድሕሪ ምዝዛሙ ግን ካብ ማዘናግዕን ምሃርን ተመኩሮ ምዃን ሓሊፉ ከም መተካእታ ናይ ህይወት ተሞኩሮ ክወስድ ኣይክእልን።

ኣብ ህይወት ምስዚ ናይ ፊልም ኣብነት ኣተሓሒዝካ ክረአ ዝከኣል ነገራት ብዙሕ እዩ። ሓደ ካብኡ ባጀላ ናይ ቤት ትምህርቲ እዩ። ተመሃሮ ዝተመሃርዎ ንምግምጋምን ንምውድዳርን ፈተና ምክያድ ልሙድ እዩ። ናይ ፈተና ወጽኢት ንተመሃራይ ድኽሙን ሓያልን ጐኑ ክፈልጥ ሓጊዙ እዩ። ንመምህርን ቤት ትምህርትን ድማ ናይ ኩሉም ተመሃሮ ገምጋም ንምጥርናፍ ተርታ ንምስራዕን ሓጊዙ እዩ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ኩሎም ተመሃሮ ባጀላ ተዋሂብዎም፡ እቶም ብሉጻት ዝተባህሉ ይሸለሙ። ኩሉ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝተሳተፈ፡ ውሑድ ሓላፍ ዘለፍ ጉዲፍካ፡ ባጀላ ፍትሓዊ መለክዒ ናይ ተመሃሮ ምዃኑ ይኣምኑሉ እዩ። ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብሓባር ዝተማህሩ ሓደ ዓይነት ትምህርትን ፈተናን ዝወሰዱ መን'ያ ብልጽቲ ተመሃራይ፡ መን'ዩ ድኹም ተመሃራይ ይፈልጡ እዮም።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ቀዳማይ ዝወጸን ኣብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ሓሙሻይቲ ዝወጸትን፡ ባጀላ ርእሲ ኣ ምውድዳር ኣይከኣልን። ዝተመሃርዎ ብመጠኑ ክፈላለ ስለዝኽእል፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ዝቐረበሎም ፈተና በበይኑ ክኸውን ስለዝኽእል ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝመሃርሉ ክፍሊ ዘሎ ደረጃ ሰባት'ውን ክፈላለ ስለዝኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር፡ ሓበራዊ ካሪኩለም ይዳሎ'ዩ። ኣብ ውሱን ዓመታት ድማ ንመላእ ሃገር ዝኸውን ሓደ ዓይነት ሓፈሻዊ ፈተና ይዳሎ። ኣብ

ሃገርና ንኣብነት ካብ ቀደም ጀሚሩ ኣብ 6ይ፡ 8ይ፡ 12 ክፍሊ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ፈተና ይወሃብ እዩ። ካብ ግዜ ንእሰትና ባጀላ መገምገሚና ገይርና ኢና ዓቢና። በዚ ድማ ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ይኹን ካልእ ባጀላታት፡ ከም ዓቢ ነገር ክንርእዮ ንበር እዩ። ባጀላ ግን ከም ፊልም ናይ ሓደ ፍሉይ ዓመት ወይ ዓመታት ዛንታ ጥራይ እዩ። ናይ ሰባት ህይወት ብምልኣት ክገልጽ ክውሰን ኣይክእልን እዩ።

ብዙሕ ግዜ ባጀላ ንሓደ ዝተወሰነ ሕሉፍ ግዜ ጥራይ ዝገምግም ምዃኑ ንዘንግዖ ኢና። ብዘወሳኺ ገምጋም ትርጉም ዝህልዎ እቶም ዝገምገሙ ኣብ ንጹርን ተመጣጣኒን ነገር ምስ ዝገመግሙ ጥራይ እዩ። ኣብ ተመጣጣኒን ብንጹር ክግለጽ ዘይክእል ነገርን ገምጋም ምግባር ብዙሕ ትርጉም የብሉን። 200 ናይ ሻድሻይ ክፍሊ ተመሃሮ፡ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ሂብካ፡ ሓደ ዓይነት ፈተና ሂብካ ምግምጋምን ተርታ ምሃብን ቀሊል እዩ።

ናይ 200 ኣደታት ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ ኣብ ጣውላ ቀሪቡ፡ እዚእ እያ ዝበለጸት ምግቢ እውን ይከኣል ይኸውን ግን ልክዕነት የብሉን። መቐረት ሰባት ስለዝፈላለ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ኣብ ጉዳይ "ደሞክራሲ"፡ "ሰብኣዊ መሰላት"፡ "ግዝኣት ሕጊን" ካልእን ንሃገራት ዓለም ዝገምግሙ፡ ተርታን ባጀላን ዝሀቡ ብዙሓት ምዕራባውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት ጫጪሖም ይርከቡ። ሰባት ድማ ብገምጋምን ተርታን ባጀላን ስለዝፈልጡ፡ እዞም ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝሁብዎ ገምጋም ተርታን ባጀላን ከም ንቡር ንወስዶ። ደሞክራሲ ግን ከምቲ ንተመሃሮ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ተመሳሳሊ ትምህርቲ ደዩ ወይስ ከምቲ ብዝተፈላለያ ኣደታት ዝሰራሕ መግቢ? እዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ፈለማ ብዝተፈላለያ ምዕራባውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝወሃብ ባጀላ ደሞክራሲ ክንርኢ። ጸኒሕና ድማ ሓንቲ ካብዘን ዝሰፍሐ ገምጋም እትገብር ዘይመንግስታዊት ትካል ማለት ቪ-ደሞክራሲ ትጥቀመሉ መገምገሚ ብሰፊሑ ክንርኢ ኢና።

ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት

### ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት

ወይ ዋህዮ ቁጠባዊ ሓበሬታ (The Economist Intelligence Unit) ክፋል እቲ ህቡብ ኢኮኖሚስት ጋዜጣ ኮይኑ ኣብ 1946 ዝቖመ እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝተፈላለያ በይነ መንግስታዊ ውድባት (IMF, World Bank) ኣብ ዝቖሙሉ ዝበሩ እዋናት እዩ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ከም ሓውሲ ብሕታዊ ጉጅለ ቁጠባዊ መጽናዕቲ ቆይሙ። ኣብዚ ዝሓለፈ 70 ዓመታት ድማ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት ዝጥፈሎም መጽናዕቲታት ብምስፋሕ፡ ኣገዳስነቱ ብምዕባይ ንብሕታዊ ትካላት ጥራይ ዘይኮነ ንመንግስታት ዘማኽርን መልእኽቲ መንግስታት ዝዘርግሕን ኣዝዩ ኣገዳሲ ትካል ኮይኑ። ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት ንመንግስታት ዝሀቦ ኣገልግሎት ኣብ መርበብ-ገጹ፡ (website) ብኸምዚ ይገልጾ፦

"ዓማዊልና ኣህጉራዊ ትካላት ይኹን መንግስታዊ ኣካላት ከም ሃገራዊ ባንክታት፡ ሚኒስትሪታት ዝምድናታት ወጻኢ፡ ንግዲን ምክልኻልን ዝኣመሰሉ ዕድላትን ብድሆታትን ብግቡእ ተገንዚቦም ኣድላዪ ዝምድና ወጻኢ ክቕይሱ፡ ዕቤት ንምርግጋጽ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ክስሕቡ ንሕግዝ" ይብል።

ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ከባቢ 100 ተንታኖ ኣለውዎ። ንኣብነት ስርያ ራም እትብሃል ህንዳዊት ንኤርትራ ሓዊስካ ናይ ሸውዓተ ሃገራት ኣፍሪቃ (Sudan, Mauritius, Djibouti, Sierra Leone, Guinea, Gabon, Eritrea) ክኢላ እያ። ስርያ ራም ኣብ ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ቅድሚ ምጽንባራ ንሓጺር ግዜ፡ ኣብ ሓንቲ ናይ ዱባይ ኩባንያ ከም ተመራማሪትን ኣማኻሪትን ብዘዕባ ወፍሪ ኣብ የማን ሰሪሓ። ይኹን'ምበር ኣብዘን ሸውዓተ ሃገራት ኣፍሪቃ ከምዝተቐመጠት ወይ ከም ዝሰርሐት ዝሕብር ነገር የለን።

ስርያን እቶም ካልኦት ተንታኖ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ብሉጻት ተመሃሮን ክኢላታትን ምዃኖም ኣየጠራጥርን። ባጀለኦም ብንጹር ዝምስክሮ ጉዳይ እዩ። ከምዚኦም ዓይነት ክኢላታት ምስ ሞያኦም ዝተሓሓዝ ዘካይድዎ መጽናዕትን ዝሁብዎ ምኽርን ብዕቱብ ክወሰድ ይግበኦ ጥራይ ዘይኮነ ንሃገራት'ውን ሓጊዙ እዩ። ክልተ ጸገማት ከምዘለዎ ግን ክዝንጋዕ የብሉን። እቲ ቀዳማይ ምስ ዳታ (ጭብጢታት) ዝተሓሓዘ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ምስ ሞያ ዝተሓሓዘ እዩ።


ኣማኸርትን ኣማኸርቲ ትካላትን ጊጎ (GIGO – garbage in, garbage out) ዝብሃል መሕጸሪ ቃል ወትሩ ይጥቀሙ እዮም። ጊጎ ማለት ድማ "ኣብ ጭብጢ ዘይምርኮስ ጉሓፍ ዳታ፡ ጉሓፍ ጥራይ እዩ ውጽኢቱ" እዩ ዘስምዕ። ብኻልእ ኣበሃህላ ሓደ ክኢላ ክሳብ ክንደይ ንፉዕ፡ ቅኑዕን ሞያውን ይኹን ብዘየገድስ፡ ንመጽናዕቱ ከም መበገሲ ዝጥቀመሉ ዳታ ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሰ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ዝህቦ ትንታነ ጉሓፍ ጥራይ እዩ። ጸኒሕና ከም እንርእዮ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገማት ናይ ማሕበራዊ መጽናዕቲ እቲ መበገሲ ዳታ እዩ። ኣብ ለንደን፡ ፓሪስ፡ ኒውዮርክ፡ ዱባይ ኮይኖም ዘጽንዑን ትንታነ ዘቕርቡን ክኢላታት፡ መጽናዕቶም ይኹን ትንታነኦም ቡቲ ዝተጠቐምሉ ዳታ እዩ ዝውሰን። እቲ ዳታ ጉሓፍ እንተኾይኑ እቲ መጽናዕቲ ጉሓፍ ጥራይ እዩ። ብዛዕባ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ግዝኣት ሕጊ ወዘተ. ዝግበር መጽናዕትን ትንታነን ሕመረት ጸገሙ ካብ ጭብጢ ዝበገሰ ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ረብሓታት ንምዕቃብ ዝሰናዕ ብምዃኑ እዩ።

እቲ ካልኣይ ጸገም ብዛዕባ ሞያ እዩ። ሓኪም ብዛዕባ ጥዕና ክምርምርን፡ መ ድ ሃ ኒ ት ክእዝዝን ሓደ ነገር እዩ። ዶክተር ስለ ዝኾነ ግን ብዛዕባ ኩሉ ነገራት ክኢላ እዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ከም ኢኮኖሚስት ኢ ን ተ ል ጀ ን ስ ዝዓይነቶን ዓበይቲ ኣህጉራዊ ትካላት ቁጠባ፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታት፡ ምክልኻል ወዘተ. ሓያሎ ክኢላታት ከም ዘለዉ ኣየጠራጥርን። እዞም ዝተፈላለየ ሞያ ዘለዎም ክኢላታት ጭብጥ ዳታ ኣኪቦም፡ ከም ጋንታ ብሓባር ሰሪሖም ብዛዕባ ሓንቲ ፍልይቲ ሃገር ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ወተሃደራዊን ካልእን መጽናዕትን ትንታነን ከቕርቡ ብዘይ ጥርጥር ብቑዓት ኣለዉ። ጽፉፍ መጽናዕቲ ምግባር ግን ግዜ፡ ገንዘብን ዕቱብነትን ዝሓትት እዩ።

ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ኣማኸርቲ ትካላት ሰሪሕካ ትዕዘቦ ነገር ኣሎ። ኩለን ኣማኸርቲ ትካላት ፖለቲካዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ቴክኖሎጂያዊ ወዘተ. መጽናዕቲ ክካየዱ ክሓታ (ጨረታ ከቕርባ) እንከለዋ ዝርዝር ኣስማት ክኢላታትን ተመክሮኦምን የቕርባ እየን። ንሓደ ዓሚል - መንግስታዊ ኣካል ወይ ብሕታዊ ትካል - ጥራይ ዘይኮነስ ንዓሰርተታት መንግስታትን ትካላትን። ኣማኸርቲ ትካላት ክሳብ ክንደይ ዓበይቲ ምዃነን ብዘየገድስ፡ ኣብ ሓደ እዋን ናይ ዓሰርተታት ዓማዊል ዕቱብ መጽናዕትን ትንታነን ክገብራ እኹላት ክኢላታት የብለንን። ክኢላታት ምርካብ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዘይኮነስ ብቁጠባዊ ዓይኒ ኣየዋጽኦአንን እዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ንኣማኸርቲ ትካላት ንምንእኣስ ኣይኮነን። ብግብሪ ዝሰራሕናሉ ድኹም ኈነታት ኣማኸርቲ ትካላት ንምግላጽ ጥራይ እዩ። ዓበይቲ ኣማኸርቲ ትካላት ዘለወን ሕጽረት ምኩራት ኣማኸርቲ የዐርየን ይፈልጣ እየን። ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ድማ ኣብ ሓደ ፕሮጀክት ውሑዳት ምኩራትን ብዙሓት ተልመዴንን ብምውዛዕ ፕሮጀክት ከም ዝዕመም ይገብራ። ዓማዊል ፕሮጀክቶም፡ ቡቲ ኣብ ግዜ ጨረታ ዝቐረበ ዝርዝር ኣስማት ምኩራት ክኢላታት ዝሰራሕ ዘሎ ክመስሎም ይኽእል፡ ብግብሪ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ዝበዝሐ ክፋል ዓበይቲ መጽናዕታዊ ፕሮጀክት ብተልመዴን እዩ ዝሰራሕ። ግደ ሓቂ፡ እተን ዕቱባት ዓበይቲ ኣማኸርቲ ትካላት፡ ፕሮጀክት እናተዓመ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ናይ መዘና ገምጋም (Peer Review) የካይዳ እየን። ናይ መዘና ገምጋም ብዕቱብ እንተ ተገይሩ ድማ ኣዝዩ ሓጊዙ እዩ።

ኣብ ፖለቲካ ደዩ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጉዳያት ይግደስ እየ ዝብል ሰብ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ድኻማት ብግቡእ ክርድኦ ይግባእ። ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት ዓመታዊ ብዙሕ ጸብጻባት እዩ ዘሓትም። ሓደ ካብኡ ብዛዕባ ደሞክራሲ እዩ። ናይ 2020 ሕታሙ "ደሞክራሲ ኣብ ሕማምን ጥዕናን?" (Democracy Index 2020 In sickness and in health?) እዩ ተሰይሙ። ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ነዚ ናይ 2020 ጸብጻብን ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተልጀንስ ዩኒት ዝተጠቐመሉ ስነ-ኣገባብ (methodology) ብሓጺር ክንድህሰስ ኢና። ዕላማና ነቲ ጸብጻብ ንምንእኣስ ዘይኮነስ ብኸመይ ከምዝዳለን ድኻሙን ንምንጻር ጥራይ እዩ።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣማኑኤል ኢያሱብ ዑቕባዮስ ምባል ተረፉ፡ ኣማኑኤል ኢያሱብ ዑቕባዮሰሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

በርሀ መብራህቱ፡ ተኸሉ፡ ኣደይ ሮማ ተሰፋማርያም ጓንጉል ስለ ዝዋረረት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/03/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ራህዋ ዓብዱ ማሕሙድ፡ ኣደይ መኣዛ ተሰፋማርያም ጓንጉል ስለዝዋረረት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/03/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ተኸለሰንበት የማነኣብ፡ ብዓል ቤተይ ተኸለማርያም ገብረእግዚብሄር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/03/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣርብርሀት ጢሜትዎስ የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ህያቡ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/03/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ተስፋልደት ፍትዊ ብርሃ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ራሄል ገብረመስቀል በየ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየኸሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ናይዝጊ ኪዳነ ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ገነት ኣብርሃ ተስፋጽዮን፡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ቀረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየኸሉ ክርአ

ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ወልዳይ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ሃይለ ኪዳን ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ወልደማርያም ተኸለ፡ ኣዴና ለተብርሃን ድራር ሳህሉ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ይቕረብ፡፡

ህያብኤል ቢንያም ሽማንዲ፡ ብምውካል ሰሚራ ኣብርሃም ገብረክርስቶስ ኣቢሉ፡ ኣቦይ ቢንያም ሽማንዲ ወልደሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ይቕረብ፡፡

ምልእተ ጸጋዘኣብ ሃይለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ካፒተን ተስፋይ ተወልደ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ለተሃይማኖት ሃብቱ ገብረስላሴ ኣቦና ሃብቱ ገብረስላሴን ኣደይ ጽርሃ ገብረኪዳንን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን ምስ 1 ጓል መዋቲት ሓፍተይን ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/03/25 ቁ. 47 ይቕረብ፡፡

ብርሃን ባየረ ኣሃንደ፡ ተጻዋዒ ኣለም ድራር ኣብዪ፡ ንስም ምትሕልላፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝምልከቱ ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/ 33 ቀረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየኸሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰምሃር ወልደኣብ ኣሰፋው፡ ኣቦይ ወልደኣብ ኣሰፋው ደስታ ስለዝዋረረ፡ ክልተ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መብራት ሃይለ ኢማም፡ ብዓል ቤተይ ሚኬኤል ገብረኪዳን ተድላ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኣሙት ሓጎስ ፀጉብ፡ ኣብ ኣስመራ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምብጻሕኩን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከም ዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ስድራቤት ዳንኤል ገብረስላሴ ተስፉ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና ብልቢ ነፍቅራ ሓፍትናን ወላዲትናን ፍረወይኒ መ/ሪ ገብረስላሴ ገብረማርያም፡ ዝተሰመዓ መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማን ሕክምናን ዝተመላለስኩም፡ ካብ ግዜ ዕረፍታ ክሳብ መካነ መቓብር ቤት-ገርግሽ 4-ኣስመራ ብምፋድ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ናብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጢን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣነ ወ/ሮ ኤደን ብርሃነ ጎይትኦም ዝተባህልኩ፡ ወ/ሮ ለተብርሃን ተድላ ወልደኣብዝጊ ዝሾመትኒ ምስ መዋርስተይ ብውርሲ ዝበጽሓና ቀዋሚ ንብረት ገዛ ብስም ዓባይና ኣብ ምም/ ኣባሻውል ጎደና 407 ቁ/ገዛ 80 ብናይ ኮምሽን ምጽራይ ምስክር ወረቐት 11189 መ/ቁ 108001 ዝተመዝገበ ቀንዲ ሰነድ (ኦርጂናል) ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዘሎ እንተልዩ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07628806 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘይ ኮይኑ ሓደሽ ዋንነት ክወሃበኒ ክሳተት ምዃነይ ኣረጋግጽ፡፡

ኤደን ብርሃነ ጎይትኦም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኲላ ሓ/ከ/እንዳርጋኸ፡ ናይ ማይ ቦጥ ትካለይ ንወ/ሮ ትዕበ ደብረጽዮን ወልዱ፡ ኣድራሻ እንዳርጋኸ ብ150.000.00 ናቕፋ ዕለት 04/07/2022 ስለ ዝሸጥኩሉ፡ ብስም ሺያጣይ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝበል ኣካል እንተደአ ኣሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ተኸለ ጸጋይ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ ያቆብ ቁ.ገዛ 78 ብቁ/ ምስክር ወረቐት 106704 መወከሲ ቁጽሪ 122548 ቁ. ፕሎት 24 ፓርሰል C ስፍሓት 500 ት/ሜ ቪላ ቀንዲ ክፍልታት 6 ተሓጋጋዚ ክፍልታት 5 ብስም ነፍ/ሰራጅ ኣሕመዲንን፡ ነ/ሄር ኣሚና ዓብደላን፡ ኣቶ ኣሕመድ ሰራጅ ኣሕመዲን ምስ ኣዴኡ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑስማንን 6+ ኣሕዋቱን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስምና ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን የቕርብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ብዘለና ደኩመንት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣሕመድ ሰራጅ
ዓብዱ ሰራጅ
ኢብራሂም ሰራጅ

---

ወ/ሮ ናዝራት ሃብቶም ደበሳይ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ትምርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን "ርሻን ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (RSHAN DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ምሕረት ገብረስላሴ ሃይሉ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ናይ ጽሕፈት መሳርሕን ፎቶኮፒን ንግዳዊ ትካለን "ሉል ናይ ጽሕፈት መሳርሕን ፎቶኮፒን" (LUL STATIONERY & PHOTOCOPY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.ገዛ 249 ዚፕ 1A119 ፕሎት 1 ፓርሰል G 2 ቀንዲ ክፍሊ.1 መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:004960 ኮምሽን ኣብዮት 104640 መወከሲ ቁ. 121342/121954 ብስም ነ/ሄር ኣቦና ሚካኤል ጸገ ኣዴና ነፍሰሄር ሳህሉ ዳኘው ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ብዕለት 20/11/2014 ዝተፈጸመ ናብ ክልቴና ምቕሊት ስምምዕ ንዓይ ዝበጽሓኒ ዘይመንበሪ ገዛይ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ሃገራዊ ካዳስተር ቤት ጽሕፈት ካዳስተራል ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ክውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ሰላሰ ጸገ

---

ብስም ቅዱሳን ያቆብ ኣብርሃም፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ጸዕዳ ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 1024 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 9664 ፕሎት 145 ፓርሰል Z መዓላ ዝተዓደለኒዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07121205 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

---



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኰዕሶ መርበብ - ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ምስ ሃገራዊ ፈደረሽን ኰዕሶ መርበብ ብምውህሃድ፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

እቲ ካብ 7 ክሳብ 13 ጥሪ 2025 ዝተኻየደ ስልጠና፡ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ትምህርትን ዝተዋጽኡ ሰልጠንቲ እዮም ተሳቲፎም። ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 18 ሰልጠንቲ ድማ ተሳቲፎም።

እቲ ክልሰ ሓሳብን ግብርን ኣጠቓለሉ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንኣቃውማ ጋንታ፡ ውጥን ጸወታ፡ ንጸወታ ብኸመይ ኣገቡብ ትመርሖን ትቕልሶን፡ ምህናጽ ጋንታ፡ ተካኢኽን ታክቲክን፡ ሕግታት እቲ ውድድርን ካልእን ኣተኩሩ እዩ ዕምቆት ዘለዎ ኣስተምህሮን መብርሂን ተዋሂቡ።

ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን



ኰዕሶ መርበብ ኣቶ ቢንያም ጉብረሚካኤል፡ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ ኣብ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ስርዓት፡ እዚ ስልጠና ንኣሰልጠንቲ ሓላፍነት ዘለዎም ሞያ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብዕላማ ተመሪሖም ልዑል እጃም ከበርክቱን ንዊሕ ክጥምቱን ተላቢዩ።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ኣቶ ዓወት ፍቕረ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ድሕሪ ነዊሕ እዋን ከም ዝተዋህበ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ምብርባር እቲ ዓውደ ስፖርት ብዝለዓለ ክሰርሑን ነቲ ዕድል ዝዚይረኸብዎ ፍልጡየምን ተመክሮኦምን ከመሓላልፉን ኣዘኻኺሩ።

ነቲ ስልጠና ዝሃበ መምህር ጉብራይ ግደ ከኣ፡ ስልጠና ብትግሃትን ብድስፕሊንን ከም ዝተኸታተልዎ ብምግላጽ፡ ንዝተዋህበ ስልጠና ከም መበገሲ ርእዮም ኣብ ቀጻሊ መወከሲታት እናተጠቐሙ ፍልጡየም ከስፍሕዎን ተወዳደርቲ ኮይኖም ክቐርብዎን ተላቢዩ።

ካብ ሰልጠንቲ፡ መምህራን ዳኒኤል ዳዊትን ርዛ ሚካኤልን ብወገኖም፡ ንዝተዋህቦም ዕድል ብምምስጋን፡ ኣብ ኣብዚ ዓውዲ ብሓፈሻ ኣብ ምኽሳብ ህጻናት ድማ ብፍላይ፡ ብዝለዓለ ክሰርሑን ተራኦም ከዕዝዙን ምዃኖም ገሊጾም።

## ቪንገጋርድ፡ ኣብ ቶልታ እስጳኛ ክወዳደር'ዩ

ሓደ ካብ ብሉጻት ተቐዳደምቲ እዚ እዋን ዝኾነ የናስ ቪንገጋርድ፡ ንፈለማ ግዜ ዕወት ቮልታ እስጳኛ ንምርካብ ኣብ ናይ 2025 ውድድር ክሳተፍ ምዃኑ ኣፍሊጡ።


ኣባል ክሉብ ቪስማ ዝኾነ ቪንገጋርድ፡ ኣብ 2023 ኣብ ብሉጽ ብቕዓት እንከሎ፡ ኣብ ቮልታ እስጳኛ ብወዲ ጋንታኡ ሰፕ ኩስ ተበሊጹ፡ ዕወት ናይ'ቲ ውድድር ካብ ምኻን ተዓንቂፉ እዩ። ብዓቢኡ ከኣ ሓደ ካብቶም ኣብ ሓደ ዓመት ንኽልተ ናይ ግራንድ ቱር ውድድራት ዝተዓወተሉም ተቐዳደምቲ ካብ ምኻን ተገቲኡ - ኣቐዲሙ ንዝር ፈረንሳ ተዓዊቱሉ ብምንባሩ።

ቪንገጋርድ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ባስኪ ካንትሪ ዘጋጠሞ ከቢድ መውደቕቲ፡ ንብቕዓቱ ጸልዩዎ እዩ። ብፍላይ ንኣልሳይ ተኸታታሊ ግዜኡ ክዕውቱሉ ኣብ ዝኣተዎ ዙር ፈረንሳ፡ በቲ ቀንዲ መወዳደርቱን ዕወት ናይ'ቲ ውድድርን ታደይ ፖጋቻ ብሰፊሕ ፍልልይ ተበሊጹ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ምዝዛሙ ይዝከር።

"ፖጋቻ፡ ዝሓለፈ ዓመት ልዕሊ'ቲ ኣብ 2022ን 2023ን ዝነበሮ ብቕዓት ሓዊሉ እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣነ ኸኣ ልዕሊ'ቲ ኣብተን ዓመታት እቲኣን ዝነበረኒ ብቕዓት በርቲዐ ክቐርብ ኣለኒ፡" ክብል'ውን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሕዳር ተዛሪቡ ነይሩ። ዓሚ ዝኾነ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ዘይተዓወተ ቪንገጋርድ፡ ኣብተን 2022ን 2023ን ዝር ፈረንሳ ተዓዊቱሉ ነይሩ።

ኣብ ናይ 2023 ውድድር ቮልታ እስጳኛ፡ ክልተ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ ዝነበረ ቪንገጋርድ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ተወሳኺ ዓወታት ከመዝግብ ሓሊኑ ምህላዉ እዩ ዝገለጸ።

ናይዚ ዓመት ቮልታ እስጳኛ፡ ቀዳሚ ናብ እስጳኛ ምቕንዐ፡ ኣርባዕተ መድረኻት ኣብ ኢጣልያ ክካየድ እዩ። እዚ ሳልሳይ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ድሕሪ'ቶም ክልተ ናይ ግራድን ቱር ውድድራት - ጂሮ ዲ ኢጣልያን ዙር ፈረንሳን እዩ ዝካየድ። ሎሚ ዓመይ ከኣ ካብ 23 ነሓሰ ክሳብ 14 መስከረም ክሰላሰል እዩ። ስሎቬንያዊ ፕሪሞዝ ሮግሊች፡ ናይ ዓሚ ዕወት ምንባሩ ይዝከር።



እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት ጂሮ ዲ ኢጣልያ ታደይ ፖጋቻ፡ ሎሚ ዓመት ኣብቲ ውድድር ከምዘይሳተፍ፡ ዛጊት ወጺኡ ዘሎ መደብ ጸወታኡ የረድእ። ታደይ፡ ናብ'ቲ - ዓሚ ድሕሪ ጂሮ ዝተዓወተሉ ዙር ፈረንሳ ኣተኩሩ ምህላዉ ይግለጽ። ኣብ ጂሮ ዘይሳተፍ ቪንገጋርድ'ውን፡ ቅድሚ ናብ ቮልታ ምቕንዑ ኣብ ፈረንሳ ምስ ፖጋቻ ክቃለስ እዩ መዲቡ ዘሎ - ዝኾነ መሰናኸል እንተዘይ ኣጋጢምዎም።

## ጀሱስ፡ መጥባሕቲ የካይድ

ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ጋብሬኤል ጀሱስ፡ ዝሓለፈ ሰንበት መጉዳእቲ ኣብ ዘጋጠማ ጺጋመይቲ ብርኩ መጥባሕቲ ከካይድ ምዃኑ፡ ጋንታኡ ኣፍሊጣ።

ጀሱስ ኣብቲ ኣብ ሜዳኦም ብማን ዩናይትድ ብፍጹም ቅላዕ ዝተሰዓሩሉ ጸወታ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ሰሪ'ቲ ኣብ ብርኩ ኣብ ዝርከብ ጅማት ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ከኣ ብብርቱ ተጸይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ።

ብመሰረት መግለጺ ኣርሰናል፡ እዚ ብራዚላዊ ድሕሪ ዘካየዶ ተወሳኺ መርመራ፡ ኣብዘን ዝሰዓባ መዓልታት መጥባሕቲ ክገብር እዩ። እዚ ተረፉ ዘሎ ወቕቲ ክሽሰሮ ከምዝኽእል ከኣ ግምት ኣሎ።

## ቸልሲ፡ ንቻሎባ ክትመልሶ . . .

ቸልሲ፡ ኣብ ክረምቲ ኣብ ዝነበረ መስርሕ ምስግጋር ብልቓሕ ናብ ክሪስታል ፓላስ ንዘሰደደቶ ተጻዋታያ ትረቮር ቻሎባ ዳግማይ ክምለስ ጻውዒት ኣቕሪባትሉ።

እዛ ጋንታ፡ ተኸላኸልታ ወሰለይ ፎፋናን በኖዋ ባዲያሽለን ብሰንኪ መጉዳእቲ ካብ ጸወታ ርሒቖም ብምህላዎም እያ፡ መስመር ምክልኻላ ንምጥልባት ክምለሱ ሰለስ ምሽት ሓቲታቶ ዘላ።

ኣብ ፓላስ ብቐዋሚ ዝሰለፍ ዘሎ ቻሎባ፡ ኣብዛ ክለብ ክጸንሕ ከምዝደለ፡ እንተኾነ እቲ ውሳነ ናይ ቸልሲ ምዃኑ፡ ዓላሚ ፓላስ - ኦሊቨር ግላስነር ገሊጹ ኣሎ።

## ኣርሰናል፡ ኣጥቃዕቲ ተናዲ

ለድያ በረኸት

ኣርሰናል ድሕሪ ማስበርቲ ጋብሬኤል ጀሱስ፡ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ኣጋጢሙዋ ዝሎ ሃጓፍ ንምሽፋን ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምንዳይ ከም ዝኣተወ ተሓቢሩ።

እዛ ክሉብ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ግጥማት ሽዱሽተ ሹቶታት ዘመዝገበ ጀሱስ ወሲኻ ሰለስተ ተጻወትቲ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ብመጉዳእቲ ድሕሪ ምኽሳራ፡ ኣብዚ መስመር'ዚ ከቢድ ብደሆ ክገጥማ ከምዝኽእል እዩ ተጋሚቱ ዘሎ። በዚ ከኣ ወፍሪ ምዕዳግ ተጻወትቲ ከተካይድ ተገዲዳ ትርከብ።

ኣርሰናል ነቲ ዓይኒ ኣንበራትሉ ዝወርሐት ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ንምምጻእ ዝፈተነቶ መስርሕ ብምፍሻሉ፡ ንሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ፖርቱጋላዊት ክሉብ ስፖርቲን ሊዝበን ቪክቶር ግዮከረስ ከምኡ'ውን ንኮሎምቢያዊ ናይ መኣዝን ኣጥቃዓይ ክሉብ ብረንትፎርድ ብርያን ምቡሞ እያ ኣብ ዕላማ ኣእቲያቶም ዘላ። ይኹን እምበር፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ንእንግሊዛዊ ዳኒኤል ራያስ ብ116 ሚልዮን ዩሮ ድሕሪ ምዕዳጋ፡ ንግዮከረስ ብ100 ሚልዮን ኢሮ ክትዕድጎ ዓቕሚ ዝሓጸረ ኣርሰናል፡ ነቲ ብዘለዎ ብቕዓት ካብ ኣሰልጣኒ ክሉብ ኣርሰናል ሚካኤል ኣርቴታ ኣድናቖት ረኺቡ ዘሎ ምቡሞ ዝያዳ ክትዛደኖ ትጸቢት ይግበረላ።

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ በጺሖ

ኣብ መንጎ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥዮን 'ኤ' ከምኡ'ውን ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል ዝካየድ ዘሎ ግጥማት ኰዕሶ እግሪ ዘዋሪት ዋንጫ፡ ኣብ ናይ ርብዒ ፍጻመ መድረኽ ምብጽሖ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

ብቐድሚ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝቐጸለ ውድድር፡ ናብ ካልኣይ ዲቪዥዮን ዝወረደት ኩጥንያ ህንጻ ሰገን ንሓደሊ ኣየር 1-0 ስዒራታ። ንመዐወቲት ሹቶ - ዘመን ኣምባሳደር እዩ ኣብ መበል 40 ደቒቕ ኣመዝጊብዋ። ሰገን ከኣ፡ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፋ ኣላ።

## ኣራሆ፡ ኣብ ባርሳ ክጸንሕ ወሲኑ

ኣብ ራዳር ጁቬንቱስ ኣትዩ ዘሎ ተኸላኻሊ ባርሰሎና ሮናልድ ኣራሆ፡ ኣብ ጋንታኡ ክጸንሕ ምውሳኑ ተገሊጹ።

ኢጣልያዊት ክሉብ ጁቬንቱስ፡ ንኣራሆ ንምፍራም፡ ማዕጾ ባርሳ ክትተኳሕኩሕ እያ ጸኒሓ። ነዚ ወዲ



25 ዓመት ኡሩጓያዊ ተጻዋታይ ዳርጋ ኣእሚናቶ ምንባራ'ውን ናይ ቀረባ ምንጩታት የረድኡ።

ይኹን እምበር፡ ኣራሆ፡ ብቐድሚ ትማሊ ምስ ዳይረክተር ስፖርት ጋንታኡ ደኮ ድሕሪ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ኣብዛ ካብ ሃገሩ ናብ ኤውሮጳ ዘምጽኦቶ ክሉብ ክጸንሕ ወሲኑ ኣሎ። ደኮ፡ ኣብ ምእማኑ ዓቢ ስራሕ ከም እተጻወተ ድማ ይግለጽ።

ብዝይካዚ፡ ባርሳ፡ ሓዲሽ ውዕል ክተፈርሞ'ውን ተሰማሚዓ ኣላ - ወላኳ ዛጊት ክሳብ ክንደይ ዓመታት ምዃኑ ኣይገለጸ። ውዕል ኣራሆ፡ ኣብ ክረምቲ 2026 እዩ ዘብቅዕ።

## ፕሪመር ሊግ - ሓዲሽ ታሪኽ ተሰሪሑ




ሰሉስ ምሸት ኣብ ስታድዩም ስታንፎርድ ብሪጅ ኣብ መንጎ ቸልሲን ቦርንማውዝን ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ፕሪመር ሊግ፡ ሓዲሽ ታሪኽ ተሰሪሑ - ማእከላይ ዳኛ ንውሳኔ ተሓጋጋዚት ቪድዮ ዳኛት (ቫር) ብምንጻግ ንተጻዋታይ ቦርንማውዝ ዳቪድ ብሩክስ ብቐይሕ ካርድ ካብ ምብራር ብምሕንጋዱ።

ኣብቲ ጸወታ፡ ተኸላኻሊ ቸልሲ ማርክ ኩኩረላ መልሰ መጥቃዕቲ ክገብር ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ተጻዋታይ ቦርንማውዝ ብሩክስ ብጸጉሩ ስሒቡ ኣውዲቕዎ። ማእከላይ ዳኛ ሮበርት ጆንስ፡ ነዚ ፍጻመ'ዚ ንኽሰርሪ ብቐጥታ ናብ ቫር ከይዱ ድሕሪ ምዕዛቡ ከኣ፡ ተጻኒጺ ባህሪ ከምዘይብሉ ብምግላጽ፡ ብጫ ካርድ ሂቡ ሓሊፉዎ።

በዚ ከኣ፡ እዛ ጸወታ እዚኣ፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ፡ ንፈለማ ግዜ ዳኛ ናይ ቫር 'ውሳነ ቀይሕ ካርድ' ዝነጸገላ ጸወታ ኮይና ኣላ። ነቲ ውሳነ ዝነጸገ ዳኛ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ከምዝውሰደሉ ግን ብሕጂ ዝርአ እዩ። እቲ ግጥም፡ 2-ብ2 እዩ ተዛዚሙ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኢፕስዊች ታውን - ብራይተን 10፡30 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ሳውዝሃምፕተን 11፡00 ድ.ቀ

**ኮፓ ደል ረይ**

ሪያል ማድሪድ - ሰልታ ቪጎ 11፡30 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ፡ ንኩባ ካብ መዝገብ ግብረ-ሽበራውያን ተውጽኣ



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጆ-ባይደን፡ ንኩባ ካብ መዝገብ ግብረ-ሽበራውያን ከምዝኣልያ ብወግዒ ኣፍሊጡ፡፡

ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኩባን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኩባ ብወገና ኣምሳያኡ ብዝተፈላለዩ ገበናት ተኸሲሶም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርታ ንዝርከቡ ኣስታት 553 እሱራት ክትፈትሕ ምኳና እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ 2021 ንኩባ ኣብ መዝገብ ግብረ-ሽበራውያን ብምስፋር፡ ኣመሪካ ናብታ ሃገር ንእትልእኾ ሰብኣዊ ሓገዛትን ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ደው ከምዝበሎ ይዝከር፡፡

ፕረዚደንት ጆ ባይደን ግን ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኩባ ንዝሕለፎ ውሳነ ዝድግፍ መርትዖታት ከምዘይረኸበ ብምግላጽ፡ ነቲ ውሳነ ናይ ምስራዝ ስጉምቲ ከምዝወሰደ ሓቢሩ፡፡

ብፕረዚደንት ጆ-ባይደን ዝተወሰደ ስጉምቲ ቅኑዕ ምኳኑ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኩባ ብወገኑ፡ በቲ ዝተዋህበ ውሳነ ተዳኺሙ ዝጸንሐ ቁጠባ ሃገሩ ዳግማይ ክበራበር ተስፋ ከምዝሎ ኣረዲኡ፡፡

እንተኾነ፡ እዚ ብፕረዚደንት ባይደን ዝተዋህበ ውሳነ፡ ዶናልድ ትራምፕ ድሕሪ ሓደት መዓልታት ብትረ-ስልጣን'ታ ሃገር ድሕሪ ምርካቡ ክቕይሮ ከምዝኸእል እየም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ ዘለዉ፡፡

ኣመሪካ፡ ንኩባ፡ ሶሜን-ኮርያ፡ ኢራንን ሶርያን 'መወልቲ ግብረ-ሽበራ' ብምባል ኣብ መዝገብ ግብረ-ሽበራውያን ካብ እተስፍረን ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ከምዝሎ'ዩ ዝግለጽ፡፡

## ሑቲ፡ ንመደበር ሓይሊ ኤለትሪክ እስራኤል ኣጥቂዑ

የመናዊ ጉጅለ ሑቲ፡ ንመደበር መመንጨዊ ሓይሊ ኤለትሪክ እስራኤል ዒላማ ዝገበረ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ ይሕበር ኣሎ፡፡

እቲ ዝተወንጨፈ ሚሳይል ዒላምኡ ብግቡእ ከምዝወቕዐ ዝሓበረ ሑቲ ኣብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ከባቢታት እስራኤል'ውን ዕዉት ዝኾነ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ ኣፍሊጡ፡፡



እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ኣልማማ ደብዳብ ደው ክሳብ ዘየበለቶ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣገደስቲ ንዝበሉም ዒላማታት እስራኤል ምውቃዕ ከምዝቕጽሎ ድሙ ኣፈኛኡ ያሕያ ሳርያ ኣጠንቂቑ፡፡

እንተኾነ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዝምልከት ዛጊት ብመንግስቲ እስራኤል ዝተዋህበ ሓበሬታ ከምዘየለ እዮም ጸብጻባት ዝጠቐሱ፡፡

ሑቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ልዕሊ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ንዝተኻየደ ናይ ሮኬት መጥቃዕቲ'ውን ምሉእ ሓላፍነት ከምዝወሰደሉ እዩ ዝሕበር፡፡

እንተኾነ፡ እቲ ዝተወንጨፈ ሮኬት ዒላምኡ ከይወቕዐ እንከሎ ሓይሊ ኣየር እስራኤል ከምዝበርዓኖ እዩ ዝግለጽ፡፡

ካብ ጠቕላላ ሰፍሓት የመን ንሓደ ሰሶ ዝኣክል ተቖጻጺሩ ዝርከብ ጉጅለ ሑቲ፡ ካብ ሕዳር 2023 ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ናይ ድሮንን ሚሳይላትን መጥቃዕቲ ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ፡፡

## ፕረዚደንት ደቡብ-ኮርያ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ




ቤት-ፍርዲ ደቡብ-ኮርያ፡ ኣብ መጀመርያ ናይዛ ወርሒ ብዝመሓለፎ ትእዛዝ መሰረት፡ ፕረዚደንት ዮን ሶክ የል ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተወ ይሕበር ኣሎ፡፡

እቲ ፕረዚደንት፡ ደቡብ-ኮርያ ብወተሃደራዊ ሕጊ ክትምራሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ብዝሓለፎ ኣካታዒ ውሳነ እዩ ተኸሲሱ ጸኒሑ፡፡

በዚ ኸኣ፡ ዮን ሶክ የል ኣብ ስልጣን እንከሎ ማእሰርቲ ዝበጽሖ ናይ መጀመርያ መራሒ ደቡብ-ኮርያ ኮይኑ ከምዝሎ ተገሊጹ፡፡

መርመርትን ኣባላት ፖሊስን ደቡብ ኮርያ፡ ነቲ መራሒ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንምእታው ናብ ቤቱ ኣብ ዝምርሕሉ እዋን ብኣባላት ጸጥታ እቲ ፕረዚደንት ድሕሪ ምዕጋቶም፡ መሳልል ተጠቒሞም ብሓይሊ ናብቲ ቀጽሪ ከምዝኣተዉ እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

ኣብቲ ንምእሳሩ ዝተኻየደ ስርሒት ልዕሊ 1000 ኣባላት ፖሊስ ከምዝተሳተፉ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ እቲ መራሒ ኣብ ዝመጽእ 48 ሰዓታት ናብ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ ከምዝቐርብ ኣፍሊጦም፡፡

ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት የል ናይ ማእሰርቲ ውሳነ ድሕሪ ምምሕልላፉ፡ ጉጅለ ተጣበቕቲ ሕጊ፡ ወተሃደራዊ ሕጊ ምእዋጅ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ናይ'ቲ ፕረዚደንት ምኳኑ ብምሕባር፡ ፖሊስ ክኣስሮ ከምዘይክእል እዮም ገሊጾም ነይሮም፡፡

ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ እውን፡ ኣባላት ፖሊስ ደቡብ-ኮርያ ነቲ ፕረዚደንት ንምእሳር ናብ ቤቱ ኣብ ዝምርሑሉ ህሞት፡ ብሓለውቱ ተዓጊቶም ብዘይፋይዳ ከምእተመልሱ ኣይርሳዕን፡፡

## ኢራን፡ ብመንግስቲ ኣመሪካ ንዝቐረበላ ክሲ ትነጽግ

ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፐዝሽኪያን፡ ሃገሩ ንምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንምቕንጻል ዝሾዓ ውዲት ከምዘይኣለመት ኣፍሊጡ፡፡

እቲ መራሒ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ምስ ማዕከን ዜና ኤንቢሲ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ፡ "ኢራን ንትራምፕ ክትቀንጽል ፈተነታት ተካይድ ኣላ" ክብሉ ዝቐርብዎ ዘለዉ ክሲ ብትሪ ከምዝነጸጎ ገሊጹ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ ክፍሊ ፍትሒ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሓደ ንዶናልድ ትራምፕ ክቕትል ፈተነ ዘካየደ ኢራናዊ ወልቀ-ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተወ ሓቢሩ ነይሩ፡፡

እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ ኢራናዊ፡ ነቲ ምሩጽ ፕረዚደንት ንምቕንጻል ብሓለዋ ሰውራ ኢራን ከምእተላእከ እያ ኣመሪካ ክትሕብር ጸኒሓ፡፡

እንተኾነ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ ዶናልድ ትራምፕ ዘካየደቶ ፈተነ ቅትለት ከምዘይነበረን ብሕጂ'ውን ከምዘይህሉን እዩ ፕረዚደንት ማስዑድ ፐዝሽኪያን ዝገለጸ፡፡

ዝመጽእ ሰኑይ ብትረ-ስልጣን ኣመሪካ ንምጭባጥ ኣብ ምሽብሻብ ዝርከብ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለን መስከረምን ናይ ምረጻ ጎስጓስ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ልዕሊኡ ክልተ ናይ ቅትለት ፈተነታት ከምእተኻየደ ኣይርሳዕን፡፡

እንተኾነ፡ ክሊኦታት መርመራ ገበን ኣመሪካ፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ፈተነታት ቅትለት ንተሳትፎ ኢራን ዝምልከት ዝኾነ መርትዖ ከምዘይረኸቡ እዮም ዝሕብሩ፡፡



## ሀይቲ - ቁጽሪ ተመዛበልቲ ብሰለስተ ዕጽፊ ወሲኹ

ኣብ ሀይቲ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ኣብ 2024 ቁጽሪ ተመዛበልቲ ብሰለስተ ዕጽፊ ከምዝወሰኸ፡ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቶም፡፡

ካብኦም ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ተመዛበልቲ እዮም ልዕሊ 87 ሚእታዊት ካብ ፖርት-ኦ-ፕሪንስ - ርእሰ-ከተማ ሀይቲ ምኳናም ድሙ እቶም ጸብጻባት ሓቢሮም፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ሀይቲ ልዕሊ 5,600 ሰባት ብናይ ገበን ጉጅለታት ከምእተቐትሉ ዝጠቐሱ እቶም ጸብጻባት፡ ኣብዚ እዋን እቶም ዝተዓጥቁ ናይ ገበን ጉጅለታት ዳርጋ ንመላእ ከተማ ፖርት-ኦ-ፕሪንስ ተቖጻጺሮማ ከምዝርከቡ ገሊጾም፡፡

ኩለን ጎረባብቲ ሀይቲ ዝኾና ሃገራት፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ዓሚቝ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ጸጥታአን ንምውሓስ ክብላ ዶብተን ብጽኑዕ ክሕልዋ ተገዲደን ኣለዋ፡፡

በዚ ድሙ ካብቲ ከኣታት ሃዲሞም ናብ ዶብተን ክኣትዉ ንዝፍትኑ ዘለዉ ኣሽሓት ዜጋታት ሀይቲ ብሓይሊ ይመልሰኦም ከምዘለዋ ይሕበር፡፡

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ነበርታ ካብ ኣብያቶም ተመዛቢሎም ከምዝለዉ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የረድኡ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብኬንያ ዝተመርሐ ናይ ጸጥታ ሓይሊ ኣንጻር እቶም ናይ ገበን ጉጅለታት ንምቕላስ ናብ ሀይቲ እኳ እንተኣምርሐ፡ ጸጥታዊ ቅልውላው እታ ሃገር ግን ዛጊት ከምዘይተመሓየሸ እዩ ዝግለጽ፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ በራኺ | 16/01/2025 | ከባቢ ፈያት ታሌሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services